 ናቕፋ 

ናቕፋ ስማእቲ ቀይሮም ናቕፋ ተቛመርቲ
ነዛ ሃገር ዘየበርከቱ ሕፍንቲ
ብምጥፍፋእ ዝተኣከበ
ዝገብርዎ ጠፊኦም ግዜ ምስርከበ
ገንዘብ ተኸዚኑ ኣብ ጎርቤት ሃገር
ኣብ ክንዲ ኣብ ባንክ ዝንበር
ጉጂለ ጥፍእት ክብብ ክብብ
እንታይ ንግበር መጺኡና ሰበብ
ከም ዝሓመመ ከልቢ ዕብዳን
ንብረት ምግዛእ ምቅድዳም
ወርቂ ‘ዶ ይሓይሽ ምሸማት?
ከመይ ጌርካ ባንክ ኪኽየድ
ባዕለይ’ዶ ሂወተይከፈርድ
ብበሊሕ ካራ ዘይተሳሕለ ብመብረድ
ኣብ ዓራት ሰፊሩ ናቕፋ
መተራኣስ ተሰሪሑ ብስፍያ
ሎሚ!ጻባ ሰተና ኣዊንትና ነዚ ዝረኣያ
ሻንጣ ተሰኪምካ ንባንክ
ትማሊ ከምዘይ ነበረ ኣብ ትርኣስካ
ዝተጠርያ ብዘይ ርህራሄሰብ ሸይጥካ
ፍልሰት መንእሰያት ዝተተሓዝካዮ መዲብካ
ዋይ !ዋይ! ዶ  ሕጂ’ዶ ይሕሸካ?
ከይትበልዕ ንእሸቶ ከም ሰብካ
ሃገር ሃስያ ቁጠባ ዝዕላማኻ

*ንህግደፍ ምድካም ተልእኮኻ*

*ኣባጎብየ ረሲዕካዮ ዲኺ?*

*ውዒሉ ሓዲሩ ከምዘረኻኽበልካ*

*ሎሚ! ጸባ ስቲና ብተበግሶኻ*

*ንኽፉፉት ዝሓለኽካሎም ማሕለኻ*

*ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ሰማእታትና*

*ዓወት ንሓፋሽ*

*ወልዳይ ተኸስተ / ማንሃይምን ከባቢኡን 21 11 2015*